ደሞክራሲያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ
الجبهة الديمقراطية للوحدة الارترية
DEMOCRATIC FRONT FOR ERITREAN UNITY

## ናይ ወጻኢ ጉዳያት ሓለፊ ደግሓኤ
## ኣብ ቅድመ ግንባር ዕዉት ዑደት ኣካይዱ፡



ብጻይ መምህር ዘርኣይ ወልዳይ ናይ ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ደግሓኤ ናይ ወጻኢ ጉዳያት ቤት ጽሕፈት ሓላፊኣብ ስሩዕ ኣኼባታት ፈጻሚ ኣካልን ስልሳይ ስሩዕ ኣኼባ ማ/መሪሕንትን ድሕሪ ምስታፉ ንኩነታት ናይ ፕሮፖጋንዳን ውደባን ዑጡቓት ኣሃዱታትናን ንውጹዕ ህዝብና ንምልዕዓልን ንምውዳብን ብጅግንነት ንዘካይድዎ ዘለው ንጥፈታትን ብቐረባ ንምክትታል ካብ 23–25 ሰነ 2015 ኣብ ዘሎ ግዝያት ኣብ ቅድመ ግንባር ዕውት ዑደት ኣካይዱ።

ብጻይ/ ዘርኣይ ወልዳይ

ኣብዚ ምስ ስራዊት ተራኽቡ ዘካየዶ ኣኼባታት እዚ ብዛዕባ ህልዊ ኩነታት ሃገርናን ደምበ ተቓውሞን ብሓፈሻ ብፍላይ ከኣ ህልዊ ኩነታት ውድብናን ሓፋሽ ህዝብናን ኣብ ወጻኢ እንታይ ይመስል ብሰፍሑ ኣብሪሁ።ጀጋኑ ኣሃዱታትና ውን ኣብ ውሽጢ ዘካይድዎ ዘለው ምንቅስቓሳትን፡ ብናይ ጸላኢ ናይ ስለያ መርበባትን ኣሃዱታትን እናሻዕ ዘጋጥምዎም ናይ ምትዕንቓፍ ሽርሕታትን ነዚ ንምፍሻል ዘካይድዎ መኽተታትን፡ ብመሰረት ናይ ኤዲኪ ናይ ሓባር ወተሃደራዊ ኢስትራተጂ ኮይኖም ዘካይድዎ ሓበራዊ ወተሃደራዊ ንጥፈታትን ስፍሕ ዝበለ ገለጻታት ድሕሪ ምስማዕ ካብ ሰራዊት ንዝቐረበሉ ብርክት ዝበሉ ሕቶታት ኣዕጋቢ መልስታት ሂቡ።

ብጻይ መምህር/ ዘርኣይ ወልዳይ ምስ ሓንቲ ካብ ኣሃዱታት ደግሓኤ

ኣብ መዕጸዊ ዘረብኡ ንዘካይድዎ ዘለው ጅግንነታዊ ስርሓት ብምድናቕን ብምትብባዕን ዑደቱ ፈጺሙ ናብ ሒዝዎ ዝጸንሐ ናይ



ዲፕሎማስያዊ ስርሓት ንምቕጻል ናብ ቦትኡ ከም ዝተመልሰ ክብ'ቲ ቦታ ዝመጸና ዜና ይሕብር።

ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ
30/06/2015